ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ
ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ
ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

اللجنة القيادية المشتركة
الحزب الديمقراطي الارتري
الحركة الشعبية الارترية
حزب الشعب الارتري

JOINT LEADERSHIP COMMITTEE
ERITREAN PEOPLE'S MOVEMENT
ERITREAN PEOPLE'S PARTY
ERITREAN DEMOCRATIC PARTY

# ኣገዳሲ ሓበሬታ

## ኤውሮጳ-ለኸ ሓባራዊ ኮንፈረንስ ኣብ ሓድነታዊ ጉዕዞ

ሓድነታዊ መስርሕ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ናብ ፍጹም ምጽንባራዊ ሓድነት ክሰጋገር ኣብ ምቅርራብ ይርከብ። ነዚ ንምዕዋት ተሳትፎ ኣባላት ሰለስቲኡ ኣካላት ኣገዳሲ ብምዃኑ፡ ንድፊ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ቅዋምን ብትካልዊ ኣሰራርሓ ናብ ሰረታት ወሪዱ ሓሳባት ኣብ ምጥርናፍን ሃነጽቲ ርእይቶታት ኣብ ምውህላልን ጸኒኦም። ይኹንበር፡ ብቐረባ ተራኺብካ ሓያልን ወሳንን ተራ ኣባላት ኣብ መስርሕ ሓድነት ንምፍጣርን ሕድሕዳዊ ሌላ ንምጥራይን ብደረጃ ኤውሮጳ፤ መሰረታት ሰለስቲኡ ኣካላት ዝሳተፍዎ ሓባራዊ ኮንፈረንስ ንዕለት 24.10.2009 ኣብ ከተማ ፍራንክፎርት ክሰላሰል ምዃኑ ንሕብር።

ኣብቲ ኮንፈረንስ፡ ኣባላት ሓባራዊት መሪሕነታዊ ሽማግለ ተረኺቦም ሓደስት ምዕብልናታት ሃገርናን ክባቢናን ብሓፈሻ፡ መስርሕ ሓድነት ሰለስቲኡ ኣካላትን በጺሕዎ ዘሎ ደረጃን ድማ ብፍላይ፡ ዘመልከተ መግለጺ ክቕርቡ ኢዮም።ን ኣብ ኤውሮጳ ዝርከቡ ኣባላት መሪሕነታት እውን ተሳተፍቲ ናይዚ ኣገዳሲ ኮንፈረንስ'ዚ ክኾኑ ኢዮም።

ውጽኢት ናይዚ ተታሒዙ ዘሎ ኮንፈረንስ፡ ነቲ ኣብ መጠረስታ ታሕሳስ 2009 ዝካየድ መሪሕነታዊ ጉባኤ ውህሉልን ሓጋዝን ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣብ ምቕራብ ልዑል ታራ ክህልዎ ትጽቢት ተገይርሉ ዘሎ ኢዩ።

ቦታ ኮንፈረንስ፡ HAUS DER JUGEND FRANKFURT

DEUTSCHHERRNUFER 12

FRANKFURT/MAIN

ኮንፈረንስ ዝጅመረሉ ሰዓት፡ ልክዕ ሰዓት 9፡00 ቅ.ቀ

ብዳሓን ምጽኡ!

ሓባራዊት ሽማግለ ኤውሮጳ